# ምዕባለ ቋንቋታት ትግርኛን ኣምሓርኛን

ብበዓል ውራይ ኢ-ሜይል፡ ethio.justice@yahoo.com

ትግራይ ኦንላይን January, 30, 2017

ንዛ ፅሑፍቲ እዚኣ ክፅሕፍ ብዙሕ ግዝ እኳ ኣብ ሓሳብ እንተነበርኩ እዋናዊነታ ኣብ ግምት ውሽጢ ብምእታው ናብ ተግባር ከአይኣተወት ተሪፋ ፀኒሓ እያ፡፡ ኣብዚ ሐዚ እዋን ንክፅሕፉ ዘገደደኒ ብዶ/ር ገላውዲዮስ ኣርኣያ ኣቢላ ዝቀረበት ሓፃር ስሑፍ መሰረት ብምግባር እዩ፡፡ ዶ/ር ገላውዲዮስ ስነ ፅሑፍ ቋንቋ ትግርኛ ኣድላይነትን ኣገዳስነትን ኣመልኪቶም ፀገማት ከም ዘለው ብምግላፅ ማህበራዊ ኣተሓሳስባ ተጋሩ ንምድንፋዕ ምሁራን ስነ ፅሑፍ ትግርኛ ንምምዕባል እጃሞም ክፃወቱ ፃውዒት ኣቕሪቦም ኣለው፡፡ በዚ ኣጋጣሚ ብዛዕባ ቋንቋ ትግርኛ እህን ምሂን ንክንብል ሓሳብ ዘቕረቡ ንዞም ግዱስ ዝኾኑ ትግራዋይ ዶ/ር ከመስግኖም ይደሊ፡፡

ቋንቋታት ትግርኛን ኣምሓርኛን መበቆሎም ካብ ቋንቋ ግዕዝ ምዃኑ ዳርጋ ኩሉ ምሁር ዝተስማዕመዐሉ ኾይኑ ንዞም ክልተ ቋንቋታት ካብ ግእዝ ባዕሎም ኪኢሎም ንምምዕባል ምኽንያት ዝኾነ ነገር ብኣግባቡ መፅናዕቲ ኣይተገበረሉን፡፡ ብኻልእ ወገን ካብ መንነ ቋንቋ ትግርኛን ኣምሓርኛን ኣየናይ ቋንቋ ቀዲሙ ከምተፈጠረ ? መን ንመን ምዕባለ ከም ዝሓገዘ? ብግልፂ መፅናዕቲ ኣይተኻየደን፡፡ ብኻልእ ወገን ዋላኳ ዶ/ር ገላውዲዮስ ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ትግራይ ተፈጢሩ ንኤርትራ ከም እተስፋሕፈሐ ዘመላኽት ነገር እንትቅመጡ ብትኽክል ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ትግራይ ጥራሕ ተጀሚሩ ናብ ኤርትራ ከም እተስፋሕፈሐ ዘመላኽቱ መፅናዕትታት ኣይተገበረን፡፡ ብኻልእ ወገን ኤርትራ ኣካል ሕምብርቲ ግዝኣት ኣክሱም ብምንባራ ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ትግራይን ኤርትራን ብማዕረ ማዕቢሉ እንተበልና ቅሩብ ትርጉም ከም ዝህብ ብወገነይ ይኣምን፡፡

ብኻልእ ወገን ምዕባለ ቋንቋ ኣምሓርኛ መዓዝን ኣበይን ተጀሚሩ ዝብል ኣከራኻሪ ካብ ዝኾኑ ሕቶታት እቲ ሓደ እዩ፡፡ ሓደ ሓደ ታሪኽ ፀሓፍቲ ከም እኒ ኣለቃ ታየ ገብረማርያም ቋንቋ ኣምሓርኛ ብዘበን ይኩኖ ኣምላክ (12 ክ/ዘበን) ንግዝኣት ዛጉየ ንምውዳቅ ከም ናይ ኣሽሙር ቋንቋ ኣብ ጥቅሚ ውዒሉ ከም ዝዓበየ ግምቶም ኣቕሚጦም እዮም፡፡ ይኹን እምበር ኣብ ከባቢታት ጎንደር እስካብ 17 ክ/ዘበን ቋንቋ ግዕዝ ከም ናይ ፅሑፍን መንግስዊ ቋንቋን ብምዃን የገልግል ከምዝነበረ በቲ እዋን ዝተፀሓፉ ፅሑፋት የመላኽቱ እዮም፡፡ ብኻልእ ወገን ዝከራኸሩ ብወገኖም ቋንቋ ኣምሓርኛ ኣብ ኣምሓራ ሳይንት ዝበሃል ቦታ (ኣብ ወሎ ዝርከብ መንደር) ከም ዝተጀመረን ዝማዕበለን ግምቶም ኣቕሚጦም እዮም፡፡ ብዛዕባ ምዕባለ ቋንቋ ኣምሓርኛ ብዙሕ ዘከራኽር ጉዳይ ምህላው ከም ዘሎ ኾይኑ ቋንቋታት ትግርኛን ኣምሓርኛን ካብ ግእዝ መሰረት ከምዝማዕበሉ ግን ዘከራኽር ኣይኮነን፡፡

ዶ/ር ገላውዲዮስ ሃፀይ ዮሃንስ 4ይ ብግርህነቶም ኣምሓርኛ ሃገራዊ ቋንቋ ከም ዝገበርዎ ገሊፆም ቀፂሎም ዝሰዓቡ መራሕቲ እቲ ቋንቋ ከም መሳርሒ ጭቆና ከም ዝተጠቀምሉ ገሊፆም፡፡ ቋንቋ ኣምሓርኛ መሳርሒ ጭቆና ኾይኑ ከም ዘገልገለ ዘጠራጥር ኣይኾነን፡፡ ቋንቋ ኣምሓርኛ ዳሓር ተፈጢሩ ቀዳሞት ዝበሃሉ ብዙሓት ቋንቋታት ሰሜን ኢትዮጵያ ንክጠፍኡ

ምኽንያት ኾይኑ እዩ፡፡ አነ ካብ ዝፈልጦም ቋንቋታት ጋፋት፣ ቅማንት፣ ወይጦ፣ ቋራ ወዘተ ሙሉእ ብሙሉእ ብቋንቋ አምሓርኛ ዓብላላይነት ጠፊኦም እዮም፡፡ ብኻልእ ብዙሕ ቁፅሪ ዘለዎም ደቂባት ተዛረብቲ ቋንቋታት አገውን ትግርኛን እውን ብግዲ ቋንቋ አምሓርኛ ንክዛረቡ ጭቆና በፂሕዎም መንነቶም ንክቅይሩ ምኽንያት ኾይኑ እዩ፡፡

ምስ ምምዕባል ቋንቋ አምሓርኛ ተታሒዙ ዝመፀ መንነት አምሓራ እዩ፡፡ ፕ/ር መስፍን ወ/ማርያም አምሓራ ዝበሃል ብሔር የለን ኢሎም ምስ ክቡር ጠ/ሚ መለስ ዜናዊ ኽርክር ምክያዶም ኹልና ልቢ እንብሎ ጉዳይ እዩ፡፡ ብሓደ ወገን ናይ ፕ/ር መስፍን መከራኽሪ ነጥቢ ሓቂ ዝሓዘ ኽርክር እዩ ምኽንያቱ አምሓራ ማለት ተዛረብቲ ቋንቋ አምሓርኛ ካብ ምዃን ወፃኢ እቶም ህዝብታት ብብሔር ሓደ ዝገብሮም የለን፡፡ ንአብነት ተዛረብቲ ቋንቋ አምሓርኛ ጎንደር መበቆል ብሔረ ሰቦም ብዋናነት ቅማንት፣ አገው፣ ቋራ፣ ትግራይ ወዘተ እዩ፡፡ ተመሳሳሊ አካይዳ ንጎጃም፣ ወሎ ወይ ሸዋ ይምልከት፡፡ ስለዚ አብ መንጎ ጎንደር፣ ጎጃም፣ ወሎ ወይ ሸዋ ዘሎ ረኽቢ ናይ ብሔር ዝምድና ከይኮነስ ናይ ቋንቋ ዝምድና እዩ ኢለ ብወገነይ ይአምን፡፡

ስለዚ አምሓርኛ ቋንቋ አበይን ንምንታይን ማዕቢሉ ዝብል ሕቶ ምልዓል አገዳሲ እዩ፡፡ ተዛረብቲ ቋንቋ አምሓርኛ ብሔራዊ መሰረቶም ካብ ብዙሓት ዓሌታት ሰሜን ኢትዮጵያ ዝተቀድሐ ምዃኑ ዝተስማዕማዕና ይመስለኒ፡፡ ስለዚ ምዕባለ ቋንቋ አምሓርኛ ምስ ብሔር አምሓራ ብምንም መልክዕ ዝተሓሓዝ አይኮነን፡፡ ብመሰረቱ ቋንቋ አምሓርኛ ብዘበን ይኩኖ አምላክ ብወሳናይ መልክዑ ይማዕብል እምበር ቃላት አምሓርኛ መሰረቶም ግዕዝን ትግርኛን ብምዃኑ ብዘበነ አክሱም ግዘ እውን ውሑዳት ቃላት አምሓርኛ ከም አስማት ንጉሳት፣ ከባቢ ወይ ካዓ ናይ ገዛ አቑሑት የገልግል ከም ዝነበረ ዘመላኽቱ ነገራት አለው እዮም፡፡

ቋንቋ አምሓርኛ ብመሰረቱ ብላንቃ ዝዝረቡ ናይ ትግርኛ ፊደላት ብዋናነት ብምትራፍ ዝማዕበለ ቋንቋ ምዃኑ ምርዳእ የድሊ፡፡ ቋንቋ ትግርኛ አብ መሰረት ዓዱ ትግራይ እውን ብሓደ ዓይነት ቅላፄ ዝዝረብ ቋንቋ አይኾነን፡፡ ንአብነት ናይ ወልቃይት፣ኤርትራ፣ ሽረ፣ አክሱምን ዓድዋን፣ ዓጋመ፣ እንደርታ፣ ወጀራት፣ ራያ ወዘተ አጠቓቕማ ቋንቋ ትግርኛ ሓደ አይኮን፡፡ ቋንቋ አምሓርኛ ካብ ምስ ቅላፄ ናይ ዓድዋን አክሱምን ምስ ቅላፄ ወልቃይትን ራያን ይቀራረብ፡፡ ቋንቋ አምሓርኛ ዳርጋ ፍርቃ ፍርቂ ቃላት ቋንቋ ትግርኛ ተዛረብቲ ራያን ወልቃይትን ይጥቀም፡፡ ናብ ቆቦን ብአንፈት ደቡብ ትግራይ ወሰና መሰን ክልል አምሓራ እንትንኸድ ዝተሓዋወሰ ቋንቋ ትግርኛን አምሓርኛን ንረክብ፡፡ አብዚ ከባቢ ብላንቃ ዝዝረቡ ፊደላት ግዕዝ ሙሉእ ብሙሉእ ካብ ጥቅሚ ይወፁ፡፡

ቋንቋ አምሓርኛ መሰረቱ ቋንቋ ትግርኛ ምዃኑ ብፍላይ ድማ አብ ደቡብ ትግራይ ከም ዝማዕበለ ንምርዳእ ሽም እቲ ቋንቋ ጥራሕ ብምውሳድ ምርዳእ ይከአል፡፡

አምሓርኛ-------አምሐረ-----ፀበቐ----ግርም ኾነ

ንምንታይ ፀበቐ ወይ ድማ ግርም ኾነ ተበሃለ ዝብል ሽ ንቋንቋ አምሓርኛ ተመረፀ ዝብል ሕቶ መሰረታዊ ሕቶ እዩ፡፡ አክሱማውያን ብደቡብ ትግራይ ናብ ሐዚ ክልል አምሓራ ንምስፍሕፋሕ ብዙሕ ፃዕርታት አብ ዝገብርሉ እዋን እቶም ህዝብታት ዝዛረብዎ ቋንቋ ናይ ላንቃ ፊደላት ዘይጥቀሙ ብምንባሮም ( ተዛረብቲ ቋንቋ ኩሽ) ቋንቋ ግዕዝ ይኹን ትግርኛ ንምዝራብ ብጣዕሚ ይፅገሙ ምንባሮም አየጠራጥርን፡፡ በዚ መሰረት መጀመርታ እቶም ህዝብታት እቲ ናይ ላንቃ ፊደላት

ብምግዳፍ ትግርኛ ብምዝራብ ትሕዝቶ ቋንቋ ትግርኛ ምሉእ ብምሉእ ከይጠፍአ ምጥቃም ይጅምሩ፡፡ ቀስ ብቀስ ናይ አክሱማውያን ፅዕንቶ እናቀነሰ ብዛጉዌ ዳሓር ድማ ሰለሙናዊ ስርወ መንግሰቲ (ዳግም አክሱማዊ መንግስቲ) እናበርተዐ ምስ ከደ እቲ ናይ ቅላፄ ፊደላት ብምትራፍ ዝተጀመረ ከይዲ ምስ እቶም ሓደሽቲ ህዝብታት ናይ ባዕሎም ቃላት ሓዊሶም ምዝራብ ምጅማር ናብ ካልእ ሙሉእ ቋንቋ አምሓርኛ ዓበየ፡፡ በዚ መሰረት አብ መንጎ ቋንቋ ትግርኛን ቋንቋ አምሓርኛን መሰረታዊ አፈላላይ ብኸይዲ ምፍጣሩ ምግንዛብ ይከአል፡፡

ንዚ አብ ላዕሊ ዝተገለፀ ምዕባለ ንምርዳእ ዝምድና ቋንቋ ደብባዊ ትግርኛን ወሎ አምሓርኛን ወይ ጎንደር አምሓርኛን ምግንዛብ ይከአል፡፡ ናይ ጎጃም አምሓርኛ ሰፊሕ አፈላላይ ዝፈጥር ኮይኑ ምስ ጎረቤት ቋንቋ ኦሮምኛ ብሰፊሑ ይዛመድ፡፡ ዶ/ር ገላውዲዮስ ነዚ ሓሳብ ቀፂሉ ብዘሎ አግባብ የረድኡ፡፡

> *ትግርኛን ኣምሓርኛን ካብ ግእዝ ዝወጹ ምኳኖም እኳ ዘጠራጥር እንተዘይኮነ ትግርኛ ብጎሮሮን ብልሳንን ከድምጽ ከሎ ኣምሓርኛ ግን ብልሳን ጥራይ እዩ ዘድምጽ። ስለዚ ኣብ እቲ ነዊሕ ዘገምታዊ ምዕባሌ ናይዞም ክልተ ቋንቋታት ኢትዮጵያ ኣምሓርኛ ነቶም ብጎሮሮ ዝድመፁ ቃላትን ፊደላትን ገዲፉ ርእሱ ዝኸኣለ ቋንቋ ኰይኑ እምበር ኣብቲ ፍልማዊ ጉዕዞ ትግርኛ እዩ ኔሩ ክበሃል ይከኣል።*

*ነዚ ርትዓዊ ኣገላልጻ ዘረጋግጽ ካብዞም ዝስዕቡ ቃላት ክንርዳእ ንኽእል፡-*

| **ትግርኛ** | **አምሓርኛ** |
|---|---|
| በልዐ | በላ |
| በጊዕ | በግ |
| ዓይኒ | አይን |
| ሰምዐ | ሰማ |
| ሮቡዕ | ሮብ/ |
| ኾነ | ኾነ ( ሆነ ብለው ያነቡታል) |
| *መፀ* | *መጣ* |
| ኸደ | ኸደ ( ሄደ ብለው ያኑታል |

ንምንታይ ሃፀይ ዮሃንስ 4ይ ቋንቋ አምሓርኛ ካብ ቋንቋ ትግርኛ ንሃገራዊ ቋንቋ ምምራፅ ቀንዲ ምኽንያት ቋንቋ አምሓርኛ ሓደ ሃፍቲ ተጋሩ ካም ምዃኑ ብተወሳኺ ናይ ላንቃ ፊደላት ስለዘይጥቀም ንኻልኦት ብሔራት ከዛረቡ ከለው ስለዝቀሎም እዩ፡፡ ስለዚ ምዕባለ ቋንቋ አምሓርኛ ብዋናነት ካብ ትግርኛ ኮይኑ ብኸይዲ ከብ ካልኦት ብሔራት ቋንቋታት እውን ቃላት እናሓወሰ ከምዝማዕበለ ምርዳእ ይግባእ፡፡

ተጋሩ መስረቲ ቋንቋ ኣምሓርኛ ምዃና ብኣግባቡ ምግንዛብ የድሊ፡፡ ትምክሕተኛታት ኩሉ ነገር ይግበኣኒ ዝብል ሕማም ስለዘለዎም ባህልናን ቋንቋናን ብምዕቃብ፤ ግልፂ ዘይኾኑ ነገራት ብመፅናዕቲ እናደገፍና ምግላፅ የድሊ እዩ፡፡ ትምክሕተኛታት ተጋሩ ንከይመሃሩን ታሪኾም ከይፅሕፉን ብምግባር ናይ ሓሶት ናይ ኢትዮጵያ ታሪኽ ፅሒፎም ሓሊፎም እዮም፡፡ እቲ ናይ ሓሶት ታሪኽ ደጊምካ ብምፅሓፍ በቲ ሓቂ ንኽትካእ ምግባር ታሪኻዊ ሓላፍነት ጥራሕ ከይኮነስ ንቶም ጀጋኑ ወለድና እውን ደበስ እዩ፡፡ ታሪኽ ንበዓል ታሪኽ ክምለስ ኣለዎ ብምባል ፅሑፈይ ብሓፂሩ ክዛዝም፡፡